*ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ* *ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ - ሕድሪ*

# *ሓድነታዊ መግለጺ*

*ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራን ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ - ሕድርን*

*19 ሰነ 2022*

## ***ክቡር ተቓላሳይ ህዝብና !!***

*ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራን ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ሕድርን፣ ኣብ ሃገራዊ ሓላፍነት ዘትከለን ብጻያዊ መንፈስ ዝዓሰሎ ሰፊሕ ዘተ ኣካይዶም። ባህግን ድልየትን ኣባላት ክልቲኦም ውድባት፣ ጥርናፈን ውህደትን ክረጋገጽ ምኽኣሉ ንተቓላሳይ ህዝብና ከነብስር ደስ ይብለና። ኣብዚ ዝተኻየደ ዕቱብ ዘተ ኣብ ዓበይቲ መትከላትን ዕላማታትን ብምስምማዕ ፍጹም ሓድነት ክልቲኡ ውድባት ክእወጅ ተሳማሚዖም። እዚ መስርሕ'ዚ ኣብ ፖለቲካዊ ተመክሮ ውድባት ኤርትራ፣ ሓደ ግዜ ምስ ተፈናጨሉ ንድሕሪት ተመሊሶም ዘጋጠመ ተረኽቦታት ከም ዘይግምግሙን ንዘተገበረ ጉድላታት ብሰውራዊ መንፈስን ብዘይንሓፍነትን ከም ዘይእርሙን ህያው ተመክሮና ዘረጋግጽ ሓቂ ኢዩ። ክልቲኡ ውድባትና ግን ነቲ ኣብ መንጎኦም ዝተረኽበ ዘይወድዓዊ ምፍልላይ ብነቐፌታዊ ዓይንን ብወድዕነትን ድሕሪ ምግምጋሞም ዝምድነኦም ናብ ንቡር ቦትኡ ክመልሱ ብምብቃዖም፣ ታሪኻዊ ፍጻመ ኢዩ ክበሃል ይከኣል። ንኣባላትንናን ደገፍታንና ዓቢ ፍናን ኣብ ርእሲ ምኳኑ ንኻልኦት ተቓለስቲ ኣሕዋትና ድማ ኣወንታዊ ኣብነት ክኸውን ተስፋና ዓቢ ኢዩ።*

## ***ተቓለስቲ ኣባላትና !!***

*ክልቲኡ ውድባትና ኣብ ፖለቲካውን ስትራተጂካዊን ካልኦት ዓበይቲ ሃገራዊ ጉዳያትን ዝነበሮም ኣመላኽታ ብወድዕነት ብምድህሳስ፣ ገና ኣብ ሓደ መትከል ምህላዎም ኣረጋጊጾም። እቲ ጉዳይ ከምዚ ብምኳኑ ድማ ምትእምማን ዘውሕስ ኣገዳሲ ቅድመ ባይታ፣ ንጥዑይ ምጽንባራዊ ሓድነት ዘብጽሕ ጎደና ምኳኑ ክልቲኦም ሸነኻት ኣስሚሮሙሉ። ናብዚ ንምብጻሕ ካብ ክልቲኦም ሸነኻት ጽኑዕ ድልየት ከም ዘሎ ድማ ተጋሂዱ።*
*ካብዚ ተረድኦ'ዚ ብምብጋስ እምበኣር፣ እዞም ዝስዕቡ ነጥበ ስምምዓት ኣስፊሮም፡*

- *ግንንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ዝብል ስም ብሓባር ዘቕምዎ ስለ ዝኾነ፣ ከም ዘለዎ ክቕጽል ተሰማሚዖም።*
- *ኣባላት መሪሕነት ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ / ሕድሪ፡ ኣብ ምምሕዳራት ኣብያተ ጽሕፈታት ፈጻሚ ኣካል ግሃድኤ ይመቓርሑ።*
- *ምስ ዝተፋላለያ ውድባትን ኣካላት ኤሃባዲለ (ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ - ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ሰልፊ ሃገር) ዝተበጽሐ ስምምዕ፡ ብመድረኽ ምውህሃድ ተሰንዩ፣ ክሳብ ምሉእ ሓድነት ንምርግጋጽ ዝኣመተ መስርሕ፡ ናብ መንገዲ ዓወት ዘምርሕ ሃገራዊ ዕማም ስለ ዝኾነ፡ ብሓባር እንቕጽሎን እነተግብሮን ናይ ሓድነት ጉዕዞ ክኸውን ኣስሚሮሙሉ።*
- *ገድላዊ ግደ ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ንምዕዛዝን፣ ንሱ ሒዝዎ ዘሎ መስርሕ ጥርናፈ ኩሎም ሃገራውያን ሓይልታትን ንምዕዋት ግሃድኤ ከም ወትሩ ልሉይ ግደ ክጻወት ምኳኑ ኣረጋጊጾም።*

*ኣብ ኩሎም ጉዳያት፡ ካብ ጸቢብ ውድባዊ ረብሓታት ዝረሓቑን ኣብ መትከላዊ ሓባራዊ ዕላማታት ኣትኪልና ዝዘተናሎምን ብምኳኖም፡ ኩላትና በቲ ዝተበጽሐ ውጽኢትን ዝተወስዱ ውሳኔታትን ተማእዚዝና፣ ሓድነት ውድብና ከነጽንዕ ምኳንና ቃልና ነሐድስ። እዚ ከኣ ንሃገራዊ ሓላፍነት ውድብና ዘዕዝዝን፣ ኣብ ደምበ ተቓዉሞ ዘለዎ ቀላሲ ግደ ዘዕብን ኮይኑ፣ ንምርግጋጹ ድማ ናይ ኩላትና ውፉዩን ዕቱብን ቃልሲ ከንካይድ ታሪኻዊ ሓልፍነትና ኢዩ።*

*ነዚ /ሓድነታዊ ስምምዓት ዕዉት ንምግባር ዝተኻየዱ ጻዕርታት ኣብ'ቲ ንምድሓን ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ዝካየድ ዘሎ ቃልስታት ዓቢ ተራ ኣለዎ ዝብል እምነትና ምኳኑ ደጊምና ነረጋግጽ። ኣባላትናን ሓፋሽ ተቓላሳይ ህዝብናን ነዚ ተበጺሑ ዘሎ ኣወንታዊ ፍጻመ ኣብ ተግባር ክውዕልን፣ ከምኡ'ውን ንኻልኦት ሃገራውያን ሓይልታት ኣብነት ንክኸውንን ገድላዊ ኣስተዋጽኦኦም ክኻዕብቱ ንጽውዕ።*

*ዓወት ንፍትሓዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ !!*
*ዝኽርን ክብርን ንጀጋኑ ስዉኣትና !!*

*ዶር. ዩሱፍ ብርሃኑ*
*ኣቦ መንበር ፈጻሚ ኣካል ግሃድኤ*

*የማነ ተሰፋሚካኤ*
*ኣቦ መንበር ፈጻሚ ኣካል ሃድኤ - ሕድሪ*